ዋና ቤት ፅሕፈት ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ኣብ ናይ 2018 በጀት ዓመት ንቤት ፅሕፈትና ንዝተፈላየ ግልጋሎት ዝውዕሉ ናይ ፅሕፈት መሳርሒ ኣቑሑት ፣ ኤሌክትሮኒክስ ኣቑሑትን ናይ መኪና ጎማን ባትርን ኣቑሑትን ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለዝደለየ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሶኒ መጋቢት 21, 2018 ( ቅድሚ 8 ወርሒ)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሚያዝያ 8, 2018 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:ብቢ ሎቱ ይፈላላ
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:200
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሚያዝያ 8, 2018 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ መለዋወጢ ኣቁሑት መኪና/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/

Date/ዕለት 21/07/2018ዓ/ም

ጨረታ ቁፅሪ ጨ01/2018ዓ/ም

Ret NO /ቁረ_9704/ህጠ/ፋ/ም2/1388

ምልክታ ግልፂ ጨረታ

ዋና ቤት ፅሕፈት ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ኣብ ናይ 2018 በጀት ዓመት ንቤት ፅሕፈትና ንዝተፈላየ ግልጋሎት ዝውዕሉ ናይ ፅሕፈት መሳርሒ ኣቑሑት ፣ ኤሌክትሮኒክስ ኣቑሑትን ናይ መኪና ጎማን ባትርን ኣቑሑትን ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለዝደለየ እዞም ኣብ ታሕቲ ዝተዘርዘሩ ረቓሒታት እተማልኡን ንክትወዳደሩ እትደልዩን መቕረብቲ ክትወዳደሩ ፃውዒቱ ብኣክብሮት የቕርብ:-

ብተወዳደርቲ ክማልኡ ዝግበኦም ረቓሕታት

1. ናይ ዘመኑ 2018ዓ/ም ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድ ፣ መፍለዪ ቁፅሪ / ቲን ናምበር / ናይ ግብሪ ከፋላይ ፣ ናይ ቫት ምዝገባ ሰርቲኬት ፤ ናይ ወርሒ ጥሪ/2018 ቫት ዲክሌር ዝገበርሉ ከምኡ እውን ዝተሓደሰ ናይ መቕረባይነት ሰርቲፊኬት ከቕርብ ዝኽእል ክኸውን ኣለዎ።

2. ተወዳደርቲ ካብ ቤት ፅሕፈትና ከ/ስ/ዕ/ፋ/ን/ምም/ር ካብ ዕለት 21/07/2018ዓ/ም ጀሚሩ ክሳብ ጨረታ ዝዕፀወሉ ዕለትን ሳዓትን ምብዕሉ ክሳብ ዕለት 08/08/2018ዓ/ም ኣብ ዘሎ ናይ ስራሕ ሰዓት ብምምፃእ ዝተዳለወ ሰነድ ጨረታ ብር 200 /ክልተ ሚኢቲ ብር/ እናኸፈልኩም ክትወስዱ ትኽእሉ።

3. ጨረታ ዝዕፀወሉ ዕለት 08/08/2018ዓ/ም በቲ ዕለት ልክዕ ሳዓት 4:00 ናይ ቅድሚ ሳዓት እንትኸውን ጨረታ ዝኸፈተሉ ብተመሳሳሊ ዕለት 08/08/2018ዓ/ም ልክዕ ሳዓት 4:30 ናይ ቅድሚ ሳዓት ሕጋውያን ተወዳደርቲ ወይ ሕጋውያን ወኪላቶም ኣብ ዘለውሉ ይኽፈት። ጨረታ መኽፈቲ ብካላንደር ኣብ ዝዕዖ መዓልቲ እንተዳኣ ውዒሉ ኣብ ዝቕፅል ናይ ስራሕ መዓልቲ ብተመሳሳሊ ሳዓት ይኽፈት።

4. ተወዳደርቲ ናይ ጨረታ መኽበሪ ብጥረ ገንዘብ ወይ ብባንኪ ዝተረጋገፀ መአዘዚ ክፍሊት ቸክ ፡ ኣብ ኩነታት ዘይተመስረተ ውሕስና ባንኪ ወይ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ሌተር ኦፍ ክረዲት (CPO) ብር 15,000 ንፅሕፈት መሳርሒ ፣ ብር 20,000 ንናይ መኪና ጎማን ባትርን ኣቑሑት ከምኡ ድማ ብር 20,000 ንኤሌክትሮኒክስ ኣቑሑት ብሽም ቤት ፅሕፈትና ከትሕዝ ዝኽእል ክኸውን ኣለዎ።
5. ሰዓራይ - ሰዓራይ ምኂኑ ካብ ዝተገለፀሉ ዕለት ጀሚሩ በቲ ዝወፀ ስፐስፊኬሽን መሰረት ካብ ጠቕላላ ዋጋ ውዕሊ 10% መኽበሪ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ውዕሊ ኣትሒዙ ብዝኣተዎ ውዕሊ መሰረት ብናይ ባዕሉ ወፃኢ መጋዓዝያን መራገፍን ናብ ቤት ፅሕፈትና ኣቕሪቡ ከረክብ ዝኽእል ክኸውን ኣለዎ።

6. መቕረብቲ ኣብ ሕድሕድ ናይ መወዳደሪ መረዳእታኹም ከምኡ እውን ኣብ ናይ ዋጋ መምልኢ ቅጥዕን ናይ ትካልኩም ማህተም ሸምን ፊርማን ዝዓረፎ ኮይኑ ስርዝ ድልዝ ብዘይብሉ ብኢንቮሎፕ /ፖስታ/ ዓሺግኩም ንዋና ቤት ፅሕፈት ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ከ/ስ/ዕ/ፋ/ንብ/ምም/ርን ናብ ዝተዳለወ ሳንዱቕ ጨረታ ክተእትዉ ኣለኩም።

7. ተወዳደርቲ ዋጋ እንትመልኡ ቫት ዝሓወሰ ዋጋ ኣብ ዝተዳለወልኩም ሰነድ ጨረታ ጥራሕ ንክትመልኡ ንሕብር።

8. ዋጋ ጨረታ ፀኒዑ ዝፀንሓሉ ጨረታ ካብ ዝተኸፈተሉ ዕለት ጀሚሩ ን60 መዓልታት ይኸውን።

9. ቤት ፅሕፈትና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኺቡ እቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ሕሉው እዩ። ኣድራሻና፡ - ትግራይ -መቐለ - ዋና ቤት ፅሕፈት ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ኣብ ውሽጢ ግቢ ሓወልቲ ሰማእታት መቐለ ኣቲኹም ክትረኽቡና ትኽእሉ::

ንዝተደለየ ሓበሬታ ብሞባይል ቁፅሪ :- 0914 124252 ብምድዋል ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

ምስ ሰላምታ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle